## *ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ቩፐርታልን (ጀርመን)*
## *ሰማእታቶም ብልዑል ሓበንን ኽብሪን ዘኪሮም': 1500€ ድማ ንማዕከን ሰማእታት ኣበርኪቶም*

*ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ቩፐርታልን ፡ ከተማታት ኖርድራይን ቬስታፋልያ ግዱሳት ኤርትራውያንን ኣዕሩኽን ፈተውትን ኤርትራን ብብዝሒ መንእሰያትን ሕጻናትን ዝተረኽብሉ ብዕለት 24.06.2017 ኣብ ከተማ ቩፐርታል ናይ እግሪ ጉዕዞ ብድሕሪ ምኪያድ ፡ ኣብ ገረብ ሰውኣት ተራኺቦም ጥዋፍ ሰማእታቶም ኣብሪሆም ሰማእታቶም ብኽብሪ ዘኪሮም።*

*መደብ ብዝኽረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት ፡ ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ሸማግለ ከተማ ቩፐርታል ኣቶ ዮውሃንስ ተኽለ መግለጺ 20 ሰነ ሰማእታት ኤርትራ ፡ ኣብ ዘቕረቦ ፡ እዞም ንልዕላውነትን ናጽነት ሃገረን ንኽብሪ ህዝብን ተበጀዉ ሰማእታትና ንኽነቕስን ፡ ህዝቢ ኤርትራ እታ ምስጢር ዓወታቱ ዝኮነት ዓባይ ሓይሉ "ሓድነቱ"ንወትሩ እናትረረ ንዝመጸ ተጻብኦታት ብስሙር ሃገራዊ ፍቕርን ኒሕን ስጡም ሓድነትን መኸትኡ ንኽሕይል ዘተባባብዕ መልእኽቲ ነበረ።*

*ኣደ መንበር ሽ/ማ/ኮም ቩፐርታልን ከባቢኣን ወ/ሮ ደመት ስምኦን መግለጺ 20 ሰነ ሰማእታት ኤርትራ ፡ ኣብ ዘቕረበቶ ፡ እዞም ንልዕላውነትን ናጽነት ሃገረን ንኽብሪ ህዝብን ተበጀዉ ሰማእታትና ንኽነቕስን ፡ ህዝቢ ኤርትራ እታ ምስጢር ዓወታቱ ዝኮነት ዓባይ ሓይሉ "ሓድነቱ" ንወትሩ እናትረረ ንዝመጸ ተጻብኦታት ብስሙር ሃገራዊ ፍቕርን ኒሕን ስጡም ሓድነትን መኸትኡ ንኽሕይል ዘተባባብዕ መልእኽቲ ነበረ።*

*ስዒቡ ብወከልቲ ሃገራውያን ወዳቤታት ናይቲ ከተማን ተሳተፍቲን መደረን ግጥምን መግለጺታትን ብመንእሰያትን ሕጻናትን ድማ ዜማ ሰምእታትን ብድሕሪ ምቕራብ ተሳተፍቲ ሸምዓ ብምብራህን ጽጌሬዳታት ብምብርካትን ንኣብነታዊ ጅግንነትን ተወፋይነት ሰማእታት ኤርትራ ብምሙጓስን ብምስትንታንን ንሰማእታቶም ሕልናዊ ጸሎት ብምብጻሕን ፡ ቃል ኪዳኖም ብምሕዳስን ፡ ብበሪኽ ሃገራዊ መንፈስ ሕድሮም ከጽንዑን ከም ወትሩ ድሉዋት ምህላዎም ኣብ ዘስመርሉ፡ **1500€ ድማ ንማዕከን ሰማእታት ኣበርኪቶም።***

*መደብ ሰነ 20 – 2017፡ ብዉሁድ ምትሕብባርን ግብራዊ ኣበርክቶን ኤርትራውን ውዳቤታትን ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ቩፐርታልን ፡ ከተማታት ኖርድራይን ቬስታፋልያ ብጽፈትን ብውህደትን ተዛዚሙ።*

*ዘልኣለማዊ ክብርን መጎስን ፡ ናጽነትን ክብርን ኣልቢሶም*
*በጃ ንዝሓለፉ ሰማእታትና !*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ማ/ኮም ቩፐርታል ከባቢኣን*
*ዕለት ፡ 24.06.2017*